


# <u>መግለፂ ሓዘን</u>

ካብ አብ ሰሜን አሜሪካ እንርከብ ተጋደልቲ ህወሓት /ኢህኣዴግ ነበር!

ንሕና አብ ሰሜን አሜሪካ እንርከብ ተጋደልቲ ህወሓት /ኢህአዴግ ነበር ብኣካል እኳ ካብ ዓድናን ውድብናን ብፆትናን እንተረሓቕና ብእምነትን ኣተሓሳስባን ግን ንደቓይቕ እውን ኩነታት ዓድናን ብፆትናን

ሕሉፍ ቓልስናን እንተይዘከርና እነሕልፎ ጊዜ ስለዘየለ ብፃይ መለስ ዜናዊ ከም ዓይኒ ብሌን ህዝቢ ኢትዮጵያ እንርእዮ ብፃይናን መራሒናን

ቅድም ኢሉ ሓሚሙ ዝብል ወረታት ክንሰምዕ

ሃለዋቱ እውን አብ ሚድያ ክንከታተል ወረታት ክነፀናፅንን ንፈጣሪ መሓረልና ኢልና ክንፅልይ ፀኒሕና። ብመንግስቲ ደሓን እዩ ስራሕ ክምለስ እዩ ዝብል መግለፂ ምስተውሃበ ፅባሕ ሎሚ ብቴሌቪዥን ክቐርብዩ ኢልና ብናፍቖት እንትንሕሉ ብድንገት ጠ/ሚንስትር መለስ ዜናዊ ካብዚ ዓለም ብሞት ተፈልዩም ዝብል መርድእ ምስ ሰማዕና ቅስምና ተሰይሩ።

ካብ እንፍጠር ክሳብ እንመውት ዝላዓለን ዝመረረን ሓዘና ኮይኑ እዩ

ንሕና ብመስዋእቲ ብፃይ መለስ ክንድዚ ክንሓዝን እንተለና ንመስዋእቲ ሓደስቲ ስለ ዝኮንና ዘይኮነስ ብፃይ መለስ ብቀረባ እንፈልጦ ብጻይናን መራሒናን ኮይኑ ካብታ ዝተጋደለላ ግዚ ጀሚሩ ክሳብ እታ ብመስዋእቲ ዝተፈለየላ ግዜ ንውድባዊን ህዝባዊን ስራሕ ሙሉእ ጊዚኡ ዝወፈየን ሕድሪ ቐዳሞት ስውኣትና ተሸኪሙ ንተግባራዊነት ዘብቐአ ጀግና ምንባሩ ንሕና ጥራሕ ዘይኮንናስ ሙሉእ ህዝቢ ኢትዮጵያን አፍሪካን ህዝቢ ዓለምን ዝመስክሮ ሓቂ እዩ።

ብፃይ መለስ እቲ ፅልግልግ ኩሉ ጋሊሁ መንገድታት ቐይሱልና እዩ ግን ዝጀመሮም ዘይተመልኡ መደባት እውን ሓዲጉልና ስለዝሓለፈ እቶም ውጥናቱ በቲ ዝፀረጎ ጎዳና ናብ ጫፍ አብ ምብፃሕ ዝግበር ቓልሲ ብወነን ብሕራነን አብ ጎኒ ሕዝብናን ውድብናን ኾይንና ከምእንቃለስ ክነረጋግፅ ንፈቱ።

ፅንዓት ንስድራ ቤት ብፃይ መለስ!!!
ፅንዓት ንኹላትና!!!
ጀግና ይመውት እምበር ቓልሲ አይሞትን!
ቓልስና ክቕፅል እዩ።